# ሕጂ ውን መነእሰይ

‘መነእሰይ ኣንታ ተስፋ ጽባሕ
ኣብ ዘለኻዮ ተዳሊኻ ጽናሕ
ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ቀላጽምካ ይዘርጋሕ
ሓፋሽ ህዝቢ ባኣኻ'ዩ ዝምካሕ
ሓርነት ንኽትለብስ ሃገር
እቲ ቁዋም ባኣኻ ይተግበር
ክሳብ መኣስ ብዲክታቶር
ፍትሒ ኣልቦ ዘይብሉ ቁምነገር
ንታሕቲ ነቂቱ ጾምካ ዘሕድር
ባኣኻ ይመራሕ እቲ ስር`ዓት
ኣትሪርካ ርገጾ ነቲ ቅር`ዓት
ኣኺሉ ይመስል ናይ ጨቆንቲ ሰ`ዓት
ብቃልስኻ ዘይሕለል ጾዓት
ካብ ክሳድካ ኣውርዶ ንመንዳዓት
ነቲ ጽላል ዓደቦ ነቲ ባይቶ
ቁዋም ዓንዲ ሃገር ህዝበይ ዘጽደቀቶ
ዝተጾምቀ ባኣገባብ ብሕቶ ረእይቶ
ንብላሽ ኣይጎሓፍን ከቶ
ውልቀሰብ ክጻወተሉ ክዘሞቶ
ሽቶ ህዝቢ ንኽውቃዕ
ናብ ዲሞክራሲያዊ ሂወት ተጻጋዕ
ብዲክታቶራዊ ስራዓት ኣይትገዳዕ
ብልሹው በሊሕ ስኑ ጭርናዕ
ታሪኽ ስራሕ ኣቀምጥ እምነ ኩርናዕ
ብሰናይ ግብሪ ኩራዕ
ንወዓል ሕደር ጉቦ ከተፍርሶ
ንኹሉ መዳይ ባዕልኻ ውረሶ
ዕጻዎ ክፈቶ ነቲ ፊሾ
ንማዕድናትካ ባዕልኻ ዳህሦሶ
ንህዝቢ መታን ክሕሾ
ካብ ብረሳሕ ስራዓት ዝበላሾ
እርትራ ክትልመዕ
የድሊ ስምመዕ
ወጊድ ንጨቃኒ
ምስኩሉ ዘየሳኒ
መነእሰይ ናብ ሕጊ

ጨብጦ ነቲ ዘንጊ
ባዕልኻ በይኖ ነቲ ፍርዲ
ብዘየማተእ መንገዲ
ሓርነት ንኽትጎናጸፍ ሃገር
እቲ ቑዋም ባእኻ ይተግበር
ክሳብ መእስ ባዓንተር
ፍትሒ ዘይብሉ መብረስ ሃገር
ንመንኮርኮር ዲሞክራሲ አንቂሉ
ፍትሕን ማዕርነትን ስሒሉ
ድምጺ ውጺዓት ሓዚሉ
ረብሓ ህዝቡ ዝሕሉ
መነእሰይ ኢዩ አስተብህሉ
መነእሰይ ግን ዓዱ ጨኒቁዎ
መሰል ዘረባ ሓሪሙዎ
መነባብሮ ፍጹም ሓርቢቱዎ
ኪኖው ዕረ መሪሩዎ
አይሓዳር አይናብራ
አይመራዓ አይቆላዓ
መሰልካ ካብተነፍገ
ያአክል ምውጻእ ደገ
መክት ንመሰልካ ህዝብኻ
ዝጠቅመካን ዝጎዳአካን ፍለጦ መሚኻ
ዘለኻዮ ሃለዋት ማእሰርቲ
ዶብ ክትስግር መቅተልቲ
መነእሰይ ዝሕሸካ ምኽር
ካብ መግዛእቲ ናብ ባርነት ምስግጋር
ፋሕ ፋሕ ኢሉ ተበቲኑ ሓዳር
መወዳእታ ተሳኢኑዎ ስራዓት ፈገር
ጥራሓ አትሪፉዋ ሃገር
ስመር መነእሰይ ስመር

**ጆርጆ ሃብተ**
ሳንሆዘ ካሊፎርኒያ